# ኣብ ሰዓትካ ምርካብን ቆጸራን

ኣብቲ መጀመርታ ኣዋርሕ ናብ ጀርመን ዝመጻእኩምሉ ብዙሕ ቆጸራታት ምስ ናይ መንግስቲ ቤትጽሕፈታት ኔሩኩም ይኸዉን እዩ። ኣብ ሰዓትካ ምርካብ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ርኢኹሞ ትኾኑ ኢኹም። ኣብ ጀርመን ቆጸራ ምኽባር ኣዝዩ ዓብዪ ነገር እዩ። ኣብ ቆጸራኻ ቀልጥፍካ ምስ እትርከብ ዓብዪ ክብረት እዩ፣ ትድንጉ እንተ ኮንካ ድማ ኣቀዲምካ ምሕባር ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፣ ዶንጊኻ ምምጻእ ግን ኣዝዩ ሕማቕ እዩ፣ ናብ ዝኾነ ቆጸራ ዶንጊኻ እንተ መጺእካ ሕማቕ እዩ። ናብ ናይ ስራሕ ቆጸራ ዶንጊኻ ምምጻእ ስራሕካ ምግዳፍ ማለት እዩ ካልኣይ ግዜ ዉን ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ዉን ምስ ቆጸራ ምኽባር ዝተታሓሓዘ እዩ። ሰራሕተኛ ናይ ሓንቲ ትካል ኮንካ ቆጸራኻ ዘይተኽብር እንተ ኮንካ ናብ ምስጓግ ዉን ክስዕብ ይኽእል እዩ።



©I-vista, pixelio.de

## ኣብ ሰዓትካ ምርካብ ብፍላይ ኣብ ቆጸራታት

እዚ ኣብ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነስ ወላ ኣብ ግላዊ ዕድመታት ዶንጊኻ ምምጻእ ንዕቀት እዩ ዘርኢ። ቀልጢፍካ ምምጻእ ከኣ ኣኽብሮት እዩ ዘርኢ።

©2016 Deutschland-Begleiter.de
*Koordination und Umsetzung: VisioM, Bahnhofstr. 24, 35440 Linden, info@deutschland-begleiter.de*